# መስከረም መልሲ!

መስከረም መልሲ: መስከረም ዚጨወኺዮም ምለሲ!

መስከረም ኪብሉኺ ከም ጥዑም ስብራ
ኣበሳሪት ዕጡቕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ
ዚዓለምኪ ንመሰል ናጽነት ብሓበራ
ኣበጊስኪ ኣንጻር ግዝኣት ሓሳረ መከራ ።

ኣኪብኪዮ፡ ፋሕ ከይብል ከም ደቂ ዛግራ
ንሓረስታይ ጆባእ ትብልዮ ፍርያት ኣዝመራ
ንዚጠመየ፡ ዚጸዓረ ትዕንግሊ ብሓበራ
ዕምባባ ገልገለ መስቀለ ትስልሚ መሬት፡ እምባኣ መሮራ ።

መስከረም መልሲ፡ መስከረም ዚጨወኺዮም ምለሲ!

ኣይግድን፡ ሰብ ውዕለትኪ ዘንጊዕኺ
እቶም ዚሰንከሉ ምእንታኺ
ህይወቶም ዘወፈዩ ኣብ ክንዳኺ
ጸኒዖም ዘጽንዑ ክሳብ ዕለተ ዓወትኪ ።

ንጸወርቲ ሽግ ፈጸምቲ መብጽዓኺ
ኵሉ ገዲፎም ነብሶም ዚመነኑ በጃኺ
ብደመ ረሃጾም ዓንጊሎም ከሰስኑኺ
ዓጽሞም ዝኸስከሱ ኣብ ጎቦ ስንጭሮኺ
መታን ከተስፍኒ ክብርን ሓበንን ንህዝብኺ ።

መስከረም መልሲ፡ መስከረም ዝጨውኺዮም ምለሲ!

ኣበይ ኣትዮም ጆጋኑኺ፤
ከመይ ትርስዕዮም መራሕትኺ፤
ብህያዎም ኪቕበሩ ኣብ ቅድሚ ዓይንኺ
ኣይትዘንግዕዮም'ባ ሰብ ሞያኺ
ኣማዕድዊ፡ ዘክሪ ኣለይትኺ ።

ኣበይ ኣበሉ እቶም ሃንደስቲ ህላዌኺ፤
ንእስነቶም ወፍዮም 'ኣለናልኪ' ዝበሉኺ
ኵናት መሪሖም ግርማ ናጽነት ዘልበሱኺ
ኣበይ ተኸወሉ እቶም ምሩጻት ደቅኺ፤
ሓደራ፡ ቍሊሕ በሊ ዘክሪዮም በጃኺ ።